# ኣገደስቲ ዕለታት ኣብ ስምምዕ ሰላም
# ኤርትራን ኢትዮጵያን ዞባዊ ጽልዋኡን



ጳውሎስ ነታባይ

**ፕረዚደንት ኢሳይያስ ኣፈወርቂን ቀዳማይ ሚኒስተር ኣቢይ ኣሕመድን (ዶ/ር) ብዝወሰዱዎ ተባዕ ተበግሶ፡ ኤርትራን ኢትዮጵያን፡ ን20 ዓመታት ኣስታት ዝቐጸለ ኩነተ-ኩናት ብምብቃዕ ዘላቒ ሰላምን ሰናይ ጉርብትናን ንምስፋን ዝዓለመ - "ኣዋጅ ሰላምን ምሕዝነትን" ብ9 ሓምለ 2018 ኣብ ኣስመራ ምኽታመን ይፍለጥ። ኣብ'ዚ ጉዳይ'ዚን ንሱ ዝፈጠሮ ዞባዊ ምቅርራብን ካልእ ምዕባለታትን ዘተኩረ፡ ኣገደስቲ ዕለታት ናይ'ቲ ዓመት እነሆ፦**

5 ሰነ 2018

*መንግስቲ ኢትዮጵያ፡ ስምምዕ ኣልጀርስን ውሳነ ኮሚሽን ዶባትን ብዘይ ቅድመ-ኩነት ምሉእ ብምሉእ ተቐቢሉ ተግባራዊ ንምግባር ወሲኑ።*

20 ሰነ 2018

*መንግስቲ ኤርትራ፡ ንህሉው ኩነታት ብቐጥታን ብዕምቈትን ንምፍላጥን ቀጻሊ ውጥን ስራሕ ንምንዳፍን፡ ናብ ኣዲስ-ኣበባ ልኡኽ ከበግስ ወሲኑ።*

26 ሰነ 2018

*ብሚኒስተር ጉዳያት ወጻኢ ኣቶ ዑስማን ሳልሕን ኣማኻሪ ፕረዚደንት ኣቶ የማነ ገብረኣብን ዝቘመ ላዕለዋይ ልኡኽ ኤርትራ፡ ኣዲስ ኣበባ ኣትዩ።*

**8 ሓምለ** 2018
ቀዳማይ ሚኒስተር ፈደራላዊት ደሞክራስያዊት ሪፓብሊክ ኢትዮጵያ ዶክተር ኣቢይ ኣሕመድ፡ ወግዓዊ ምብጻሕ ንምፍጻም ኣስመራ ኣትዩ።

**9 ሓምለ** 2018
ኤርትራን ኢትዮጵያን፡ ኣብ ኣስመራ 'ኣዋጅ ሰላምን ምሕዝነትን' ከቲመን።

**9 ሓምለ** 2018
ን20 ዓመታት ተቛሪጹ ዝጸንሐ ቀጥታዊ ኣገልግሎት ቴለፎን ካብን ናብን ኤርትራን ኢትዮጵያን ዳግም ተኸፊቱ።
9 ሓምለ 2018
ቀዳማይ ሚኒስተር ኣቢይ ኣሕመድ፡ ኣብ ልዕሊ ኤርትራ ዝተበየነ እገዳ ከብቅዕ፡ ንዋና ጸሓፊ ሕቡራት ሃገራት ኣንቶንዮ ጉተረሽ ብወግዒ ሓቲቱ።

**13 ሓምለ** 2018
ፕረዚደንት ኢሳይያስ ኣፈወርቂ ንተመረቕቲ መበል 31 ዙርያ ሃገራዊ ኣገልግሎት ኣብ ዘስመየ መደረ፡ ንኣዲስ- ኣበባ ይብገስ ከምዝለዉ ገሊጹ።

**14 ሓምለ** 2018
ፕረዚደንት ኢሳይያስ ኣፈወርቂ፡ ድሕሪ ልዕሊ 20 ዓመታት ንፈለማ ግዜ ኣብ ኢትዮጵያ ወግዓዊ ምብጻሕ ንምፍጻም ኣዲስ-ኣበባ ኣትዩ።

**16 ሓምለ** 2018
ኤምባሲ ሃገረ ኤርትራ ኣብ ኣዲስ- ኣበባ ዳግም ብወግዒ ተኸፊቱ።

**18 ሓምለ** 2018
መንገዲ ኣየር ኢትዮጵያ፡ ን20 ዓመታት ኣስታት ተቛሪጹ ዝጸንሐ ኣገልግሎት በረራ ናብ ኤርትራ ጀሚሩ። (መንገዲ ኣየር ኤርትራ ድማ ብ4 ነሓሰ ካብን ናብን ኣስመራ - ኣዲስ ኣበባ በረራ ጀሚሩ።)

**18 ሓምለ** 2018
መንግስቲ ኢትዮጵያ፡ ንኣቶ ርድዋን ሑሴን ኣምባሳደር ኣብ ኤርትራ ጌሩ ሸይሙ።

**20 ሓምለ 2018**

መንግስቲ ኤርትራ፡ ንሚኒስተር ሰመረ ርእሶም ኣምባሳደር ኣብ ፈደራላዊት ደሞክራስያዊት ሪፓብሊክ ኢትዮጵያ ጌሩ መዚዙ።

**24 ሓምለ 2018**

ፕረዚደንት ኢሳይያስ ኣፈወርቂን ቀዳማይ ሚኒስተር ኣቢይ ኣሕመድን፡ ዝምድና ኤርትራን ኢትዮጵያን ናብ ንቡር ንምምላስ ብዝወሰዱዎ ተበግሶ ሰላም፡ ናይ ሕቡራት ኢማራት ዓረብ ዝለዓለ ሽልማት - "ኒሻን ዛይድ" ተሸሊሞም።

**28 - 30 ሓምለ 2018**

ፕረዚደንት ሪፓብሊክ ሶማል መሓመድ ዓብዱላሂ መሓመድ፡ ኣብ ኤርትራ ናይ ፈለማ ወግዓዊ ምብጻሕ ፈጺሙ። ኤርትራን ሶማልያን ድማ 'ሓባራዊ ኣዋጅ ሕውነታዊ ምሕዝነትን ኣጠቓላሊ ምትሕግጋዝን' ክቲመን።

**18 - 19 ነሓሰ**

ፕረዚደንት ሪፓብሊክ ደቡብ ሱዳን ሳልቫ ኪር ማያርዲት፡ ኣብ ኤርትራ ወግዓዊ ምብጻሕ ፈጺሙ።

**5 መስከረም 2018**

ቀዳማይ ሚኒስተር ፈደራላዊት ደሞክራስያዊት ሪፓብሊክ ኢትዮጵያ ዶክተር ኣቢይ ኣሕመድ፡ ብፕረዚደንት ኢሳይያስ ኣፈወርቂ ተሰንዩ፡ ኣብ ወደባት ዓሰብን ባጽዕን ዑደት ፈጺሙ።

**5 መስከረም 2018**

መራሕቲ ኤርትራ፡ ኢትዮጵያን ሶማልያን ኣብ ኣስመራ ሰሉሳዊ ርክብ ብምክያድ፡ ኣርባዕተ ዓንቀጻት ዘለዎ "ሓባራዊ ኣዋጅ ኣጠቓላሊ ምትሕግጋዝ" ክቲሞም።

**6 መስከረም 2018**

ኤምባሲ ፈደራላዊት ደሞክራስያዊት ሪፓብሊክ ኢትዮጵያ ኣብ ኣስመራ ብወግዒ ዳግም ተኸፊቱ።

**6 መስከረም 2018**

ብሚኒስተራት ጉዳያት ወጻኢ ኤርትራ፡ ኢትዮጵያን ሶማልያን ዝቘመ ናይ ሓባር ላዕለዋይ ኮሚተ፡ ኣብ ሪፓብሊክ ጅቡቲ ናይ ስራሕ ምብጻሕ ብምፍጻም ምስ ፕረዚደንት እስማዒል ዑመር ገለ ተራኺቡ።

11 **መስከረም** 2018
ንኤርትራን ኢትዮጵያን ዘራኽብ መስመራት መጉዓዝያ ምድሪ ደባይሲማ - ቡሬን ሰርሓ - ዛላምበሳን፡ ብፕረዚደንት ኢሳይያስ ኣፈወርቂን ቀዳማይ ሚኒስተር ኣቢይ ኣሕመድን ብወግዒ ተኸፊቱ።

16 **መስከረም** 2018
ፕረዚደንት ኢሳይያስ ኣፈወርቂን ቀዳማይ ሚኒስተር ፈደራላዊት ደሞክራስያዊት ሪፓብሊክ ኢትዮጵያ ዶክተር ኣቢይ ኣሕመድን፡ ዝምድና ኤርትራን ኢትዮጵያን ናብ ንቡር ንምምላስ ብዘወሰዱዎ ተበግሶ ሰላም፡ ናይ ንግስነት ስዑዲ-ዓረብ ዝለዓለ ኒሻን "ንጉስ ዓብዱልዓዚዝ" ተሸሊሞም።

17 **መስከረም** 2018
ፕረዚደንት ኢሳይያስ ኣፈወርቂን ፕረዚደንት ሪፓብሊክ ጅቡቲ እስማዒል ዑመር ገለን፡ ኣብ ጅዳ - ስዑዲ ዓረብ ተራኺቦም፡ ዝሓለፈ ምዕራፍ ዓጺዮም፡ ኣብ'ቲ ነባር ሕውነት ዝተመስረተ ሓድሽ ምዕራፍ ምትሕግጋዛዊ ዝምድና ክኸፍቱ ተሰማሚዖም።

12 **ጥቅምቲ** 2018
ቀዳማይ ሚኒስተር ሪፓብሊክ ኢጣልያ ጁዜፐ ኮንተ፡ ብ12 ጥቅምቲ ኣብ ኤርትራ ናይ ሓደ መዓልቲ ወግዓዊ ምብጻሕ ፈጺሙ።

13 **ጥቅምቲ** 2018
ኤርትራ፡ ኣባል ጀኔቫ ዝመደበሩ ባይቶ ሰብኣዊ መሰላት ሕቡራት ሃገራት ኮይና ክተገልግል፡ ብሓፈሻዊ ባይቶ ናይ'ቲ ውድብ ተመሪጻ።

14 **ጥቅምቲ** 2018
ፕረዚደንት ኢሳይያስ ኣፈወርቂ፡ ቀዳማይ ሚኒስተር ኣቢይ ኣሕመድ ብዝገበረሉ ዕድመ መሰረት፡ ናይ ክልተ መዓልታት ናይ ስራሕ ምብጻሕ ንምፍጻም፡ ናብ ኢትዮጵያ ገይሹ።

17 **ጥቅምቲ** 2018

ሚኒስተር ጉዳያት ወጻኢ ኤርትራ ኣቶ ዑስማን ሳልሕን ሚኒስተር ጉዳያት ወጻኢ ፈደራላዊት ደሞክራስያዊት ሪፓብሊክ ኢትዮጵያ ዶክተር ወርቅነህ ገበየሁን፡ ኣብ ሞቓዲሾ ምስ ፕረዚደንት ፈደራላዊት ሪፓብሊክ ሶማልያ መሓመድ ዓብዱላሂ መሓመድ ተዘራሪቦም።

**9ን 10ን ሕዳር 2018**
መራሕቲ ኤርትራ፡ ኢትዮጵያን ሶማልያን ኣብ ባህርዳር (ኢትዮጵያ) ካልኣይ ስሉሳዊ ርክብ ኣካዪዶም። (ቀዳማይ ኣብ ወርሒ መስከረም ኣብ ኣስመራ ተኻዪዱ)

**14 ሕዳር 2018**
ባይቶ ጸጥታ ሕቡራት ሃገራት ኣብ ዘሕለፎ ብይን ቍጽሪ 2444(2018)፡ ብዓሎቑ ኣብ ልዕሊ ኤርትራ ዝተሰገደደ ዘይፍትሓዊ እገዳታት ክለዓል፡ ብምሉእ ድምጺ ወሲኑ።
**4 ታሕሳስ 2018**
ፕረዚደንት ኢሳይያስ ኣፈወርቂ፡ ኣብ ሚኒስትሪ ጉዳያት ወጻኢ ኣመሪካ ንተሓጋጋዚ ጉዳያት ኣፍሪቃ ሚስተር ቲቦር ናኘ ኣብ መቐበሊ ኣጋይሽ ደንደን ተቐቢሉ፡ ኣብ ምምሕያሽ ክልተኣዊ ዝምድናን ዞባውን ኣህጉራውን ጉዳያትን ዘተኰረ ዘተ ኣካዪዱ።

**13 - 14 ታሕሳስ 2018**
ፕረዚደንት ኢሳይያስ ኣፈወርቂ፡ ኣብ ፈደራላዊት ሪፓብሊክ ሶማልያ ወግዓዊ ምብጻሕ ፈጺሙ። ምስ ፕረዚደንት መሓመድ ዓብዱላሂ መሓመድ ኣብ ዝገበሮ ናይ ምምኽኻር ርክባት ድማ፡ ታሪኻዊ ዝምድና ክልቲኣን ሃገራት ንምድልዳል ተሰማሚዖም።

**14 - 15 ታሕሳስ 2018**
ፕረዚደንት ኢሳይያስ ኣፈወርቂ፡ ኣብ ሪፓብሊክ ኬንያ ወግዓዊ ምብጻሕ ፈጺሙ።

**27 ታሕሳስ 2018**
ኣምባሳደር ሃገረ ኤርትራኣብፈደራላዊት ደሞክራስያዊት ሪፓብሊክ ኢትዮጵያ ኮይኑ ዝተማዘዘሉ ኣምባሳደር ሰሚ ርእሶም፡ ወረቐት ስርሑንፕረዚደንት ሳህለወርቅ ዘውዴ ኣረከቡ።